Sundsvalls kommun

# ሓበሬታ ብዛዕባ ትምህርቲ

## ግዴታዊን ወለንታዊን ስርዓተ ትምህርቲ

ኩሎም ካብ ሹዱሽተ ክሳብ ዓሰርተ ሹዱሽተ ዕድሚኦም እሞ ኣብ ቆጸራ ህዝቢ ሽወደን ምዝጉባት ዝኾኑ ቆልዑ፡ ናይ ትምህርቲ ግዴታ ኣለዎም። እዚ ማለት ቆልዑ ንትምህርቲ መሰል ጥራይ ዘይኮነ ኣብ መኣዲ ቤትትምህርቲ ናይ ምስታፍ ግቡእ'ዉን ኣለዎም። እዚ ግዴታ ንትምህርቲ ኣብ ቆጸራ ህዝቢ ሽወደን ንዘይተመዝገቡ ቆልዑ ኣይምልከትን። ነዚኣቶም መሰል ንትምህርቲ ጥራይ ኣለዎም ማለት እዩ።

ነፍሲ ወከፍ ቆልዓ ኣብ ህዝባዊ (ኮሙናዊ) መባእታ ኣብያተ ትምህርቲ ቦታ ኪትሓዘሉ መሰል ኣለዎ። ቦታ ቤትትምህርቲ ብመሰረት እቲ ቆልዓ ዝነብረሉ ኣድራሻ እዩ ዝዉሰን።

### ምደባ ቤትትምህርቲ

ሓደ ቆልዓ ሹዱሽተ ዓመት ምስ መልአ ትምህርቲ ክጅምር ይግደድ። እቲ ቆልዓ ብቐጥታ ፈሽኩለክላስ (ክፍሊ-መላመዲ) ኣብ ኮሙናዉያን መባእታ ኣብያተትምህርቲ ቦታ ይተሓዘሉ። ምርጫ ወላዲ/ሞግዚት ካልእ ቤትትምህርቲ ምስዝኸዉን፡ ኣብ ካልእ ኮሙናዊ ወይ ግላዊ ቤትትምህርቲ ዉሉድካ ከተመዝግብ ትኽእል።

### 2ይ ደረጃ ትምህርቲ (ዪምናስየት)

ናብ 2ይ ደረጃ ትምህርቲ ንምእታዉ፡ ሓደ ቆልዓ ቅድሚ ምእታዉ ሰሚስተር ወቕቲ ጽድያ እታ 18 ዝመልኣላ ዓመት፡ ክጅምር ይግባእ። ብዛዕባ'ዚ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ ኣብያተትምህርቲ ሱንድስቫል ዝርከቡ ኣማኸርቲ-ትምህርቲ (ስቱዲቬግሌዳረ) ምዉካስ ይከኣል። ኣማኸርቲ-ትምህርቲ ዝርከቡሉ ኣድራሻ ኣብ መወዳእታ እዚ ጽሑፍ ተመልከት።

### ዉሉድካ ትምህርቲ ክጅምር ምስ እትደሊ

ሞግዚት ብክልተ ዝተፈላለየ ኣገባብ ዉሉዱ ትምህርቲ ከመዝግብ ይኽእል። እቲ ቀዳማይ ኣገባብ፡ ምልክታኻ ብመገዲ ቤትስልጣን ሚግሬሽን (ሚግራሾንስቨርከት) ናብ ኮሙን ክስደድ ብምፍቃድ ክኸዉን ከሎ፡ እቲ ካልኣይ ኣገባብ ድማ ባዕልኻ ብቐጥታ ምስ ኮሙን ርክብ ብምግባር ዉሉድካ ከተመዝግብ ትኽእል። ናይ ኮሙን ኣድራሻ ኣብ መወዳእታ እዚ ጽሑፍ ኣብ ትሕቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ካብ ኮሙን ዝብል ኣርእስቲ ተመልከት።

ኣብ ምምሕዳር ሱንድስቫል ኮሙናዉያንን ግላዉያንን ኣብያተትምህርቲ ኣለዋ። እዚኣተን መባእታን 2ይ ደረጃን የጠቓልላ። ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ መርበብ ሓበሬታና www.sundsvall.se ተወከስ። እቲ ሓበሬታ ብቋንቋ ሽወደን ጥራይ እዩ ተጻሒፉ።

ግላዊ ቤትትምህርቲ ክብሃል ከሎ ብግለ ሰባት እትዉነን፡ ብኮሙን ዘይትመሓደር ቤት/ት ማለት እዩ።

### *ፍሉይ ሕዙእ ቦታ ግላዉያን ኣብያተትምህርቲ*

ሪጋ ብምሓዝ ቦታ ዝርከበን ግላዉያን ኣብያተትምህርቲ ፍሉይ ሕዙእ ቦታ ክህልወን ይኽእል። ፍሉይ ሕዙእ ቦታ ማለት ንኣብ ሃገር ሽወደን ንትሕቲ ክልተ ዓመት ዝተቐመጡ ተምሃሮ ጥራይ ዝተሓዘሎም ቦታ ማለት እዩ።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ እዚ ፍሉይ ሑዙእ ቦታ ንሓደስቲ ነበርቲ እዛ ሃገር ዝምልከት ኣብ መርበብ ሓበሬታ ተቖጻጸርቲ ትምህርቲ (ስኩልኢንስፐክሹን) www.skolinspektionen.se ተወከሱ።

Sundsvalls kommun

## ምቕያር ቤትትምህርቲ

ሞግዚት ንዉሉድካ ኣብ ዝደለኻዮ እዋን ፡ ካብ ሓደ ናብ ካልእ ኮሙናዊ ቤትትምህርቲ ክትቅይሮ ይከኣል እዩ። እታ ኮሙን ወጻኢታት በዚሑኒ ወይ ተኽእሎ የለን ክሳዕ ዘይበለት ምቅይያር ቤትትምህርቲ ይከኣል እዩ። ሳዕቤኑ ግን እቲ ተምሃራይ ዝነበሮ መሰል ኣገልግሎታት መጓዓዝያ ቤትትምህርቲ ክጎድሎ ይኽእል።

እዚ ንምግባር ንሓላፊ መምህር እታ ዉሉድካ ተቐይሩ ክኣትዋ እትድለ ቤትትምህርቲ ተወከስ። ኣድራሻታት ኣብያተትምህርቲ ኣብ www.sundsvall.se/grundskola/ ክትረኽቦ ትኽእል።

## ሓበሬታ

ኮሙናዉያን ወይ ግላዉያን ኣብያተትምህርቲ ንምምራጽ ኮነ ፡ ዉላድካ ንምምዝጋብ መርበብ ኢንተርነት www.sundsvall.se/grundskola/ ብጸሕ

ተወሳኺ ብዛዕባ ኣብያተትምህርቲ ሽወደን ንምንባብ፡

ሓፈሻዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ሽወደን፡ www.informationsverige.se (ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ዝተጻሕፈ ሓበሬታ)

ናይ ሽወደን ቤትትምህርቲ ንሓደስቲ ዝምልከት፡ www.omsvenskaskolan.se (ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ዝተጻሕፈ ሓበሬታ)

## ንተወሳኺ ሓበሬታ ካብ ኮሙን በዚ ዝስዕብ ክትረኽበና ትኽእል፡

ኣዳላዊ ማእከል ብዙሕነት ቋንቋ ንትምህርቲ (Centrum för flerspråkigt lärande (CFL))፡ 070-190 36 42, 060-19 84 78

ን2ይ ደረጃ ትምህርቲ ዝምልከት ንኣብ ሱንድስቫል ዪምናስዩም ዝርከቡ ኣማኸርቲ-ትምህርቲ ንምዉካስ በዚ ቁ.ስልኪ ደዉሉ፡ 060-19 17 00